# ***ተዘክሮ ዖና እንታይ ይምህረና***
# ***ብሓርነት.ኮም***

*ኣብቲ ህልቂት ዖና እንታይ ነይሩ፣ ዝብል ዝርዝር ታሪኽ መቕዘፍቲ ተቖማጦ ዖና ብትዕ ዝብቲ ምስ ኣንበብኩ፡ ኣበየናይ ዕለት ተፈጺሙ ዝብል ሕቶታት ከየቕለብኩ፡ ኣብ ኤርትራውያን ዝፍጸም ዝነበረ ኣረመናዊ ስራሕ መግዛእቲ ኣትየ ብምስቍርቋር፡ ህዝቢ ኤርትራ ምእንቲ ነጻነት ዝኸፈሎ መስዋእቲ ብቓል ክትገልጾ'ኳ ቀሊል እንተዘይኮነ፡ ኾኑሉ ግፍዕታት መግዛእቲ በቲ ሓደ፡ በሰላ ታሪኽ መከራ ህዝቢ ኤርትራ በቲ ኻልእ፡ ኣብዚ ኣቲናዮ ዘለና መስዋእቲ ንሓርነት ኮይኑ ብሓድሽ ዓይኒ ክርኢ ካብ ዘኽኣለኒ ፍጻመ ብምብራህኩም ንውሽጢ ንመዓሙቕ ሕልናይ ዝትንክፍ ኩይኑ ኣሎ።*

*ወርሒ ታሕሳስ ሓቕሉቶን ዓቂባቶን ዝጸንሐት ዝርዝር ታሪኽ'ውን ተንኪፍኩም ኣሎኹም። እዚ'ውን ዓቢ ጥሙር ታሪኻዊ መዝገብ ኣብ ሓጺር ጽሑፍ ምቕራብኩም ነዚ እዋን'ዚ ዝኸውን ኣገዳሲ ሓበሬታ'ዩ። ቅድሚ ሕጂ'ውን ብኻልኦት ወይ ብኣኹም በሪሁ ነይሩ ኪኸውን ስለ ዝኽእል ኣብ ግምት የእትዎ'የ። ይኹን እምበር ንታሪኽ መስዋእቲ ህዝቢ ደጋጊምካ ምጽሓፉ፡ ኣብቲ እዋኑ ኣብ ዝተፋላለየ ፍጻመታት ዝተኻፈሉ ግዳያት ዝኾኑን ሰባት እናሓተትካ ብኸምዚ ምስፋሩ፡ መንጸፍ መጻኢ ሰነዳት ታሪኽና ክኾኑ ስለ ዘሎዎምን፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ብህይወት ዘሎና ስለ እንማሃረሎምን መሰረታዊ ጠመተ ተገይሩ ብዘይምብታኽ ክስርሓሎም ኣገዳሲ እመስለኒ።*

*በብእዋኑ ግዜን ኣጋጣምን ኣብ ዝገሃደሉ፡ ኣብዚ ኣቲናዮ ዘለና ፖሊቲካዊ መድረኽ ንዝዋሰኡ ዘሎዉን ብሕጂ ዝስዕቡን፡ ኣብ ፖሊቲካዊ ጠመቶኦም ዝወስድዎም ውሳነታትን ታሪኽን ህሉው ነገራትን ምውካስ ዝዓበየ መሳርሒ ስለ ዝኸውን በዚ ኹርናዕ እዚ'ውን ክርአ ዝግባእ እመስለኒ። ካልእ ነዚ ሕጂ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝወርድ ዘሎ ግፍዕን መከራን ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. መማዛዘንን መመልከትን ስለ ዝኸውን ዕሽሽ ኢልካ ዝረአ ኣይኮነን። ርግጽ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ዘጋጥም ስእነት ፍትሕን፡ ሕጊ ኣልቦነትን እቶም ቀንዲ መሰረት ተቓዉሞ ምዃኖም ኣሰማማዕ'የ። እንተኾነ ምእንቲ ነጻነት ዝተኸፍለ መስዋእቲ ውጽኢቱ ስልጣን ግፍዕን ዘየባትኽ ጸለመን፡ ንታሪኽ ብግምጣሉ ንዘቕርቡ ህግደፋውያንን መስትያት ሓቂ ኪኸውን ይኽእል እዩ።*

*ኣቐድም ኣቢለ ከምዝጠቐስኩዎ ኩሉ ዝተኸፍለ መስዋእቲ፡ ምትካል መንግስትን ምምብልባል ባንደራን ጥራይ ኣይነበረን። ንማዕርነት፡ ንፍትሒ፡ ብሕጊ ዝቕየድን ብህዝቢ ዝቖመን ንህዝቢ ዘገልግልን መንግስቲ ንምምስራት'ዩ። ህዝቢ ግን ዓስቡ ኣይረኸበን። ኣብ ገዛእ መረቱን ሃገሩን ብሓለንጊ ሽበራ ይግዛእ ኣሎ። ፖሊቲካዊ ጸቕጢ፡ ማሕበራዊ ሕሰም፡ ቍጠባዊ ዕንወት ይርእን ይነብረሉን ኣሎ። ኣብዚ'ዩ ዘሎ እቲ ምምዝዛን።*

*እታ ኣብ 1991 ዓ.ም. ዝተረኸበት ልዕልትን ነጻን ኤርትራ በዞም ሕጂ* ***ብድልኽ ጥልመት ዝተባዕጡ*** *መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ. ጥራይ ከምዘይመጸት ዘረድእ ታሪኽ መስዋእቲ ህዝቢ በብግዚኡ ክግንጸልን ክበርህን ኣለዎ። ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ሰላሳ ዓመት ታሪኽ ኩሎም ኣብኡ ዝተኻፈሉ ኤርትራውያን'ዩ። በዞም ሕጂ ንዘውዲ ስርዓት ሃይለስላሴ ዘዛኻኽር ብስም "****ኣንበሳ****" ብበግዚኡ ዝጥቀሱ መራሕትን መራሕን ጥራይ ኣይኮነን። እዚኦምሲ ብታሪኽ ስቓይ መከራ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኰረሻ ምልኪ ዝተቐመጡ'ዮም። ይትረፍ'ዶ መላእ ህዝብን ኣብ ትሕቲ እታ መሬት ዘሎዉ ስዉኣትን ክዝክሩ፡ ነቶም ክሳብ 2001 ዝነበሩ ብጾቶም፡ ብታሪኽ "ክሕደትን ምስ ጸላኢ ምትሕብባርን" እናኸሰሱ ኣብ ጋህስታት መቓብር ማእሰርቲ ዘስጠሙ'ዮም። ንስንኩላን ብዘይ ምሕረት ዝርሸኑ'ዮም። ንመንእሰያት ኣብ ቅድሚ ወለዶምን ስድርኦምን ከም ምጕያ ዝዓ ጽዱ'ዮም። መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ. ብፖሊቲካዊ ዓይኖም፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዲሞክራሲ ብቑዕ ኣይኮነን ኢሎም። ንመጀመሪ ሃገራዊ ቍዋም ኣብ ትሕቲ እግሮም ረጊጾም። እስከ ነማዛዝን።*

ርትዓውነትን ግፍዕን ከመዛዝን ዘይክእል ህዝቢ የለን። ብትርጉም ዘይብሉ ስነ-ሓሳብን ፖለቲካን ኣይዓግብን'ዩ። መሰረታዊ መሰላቱ ከይተማለአን ሰብኣውነቱ ከይከበረን ብሕልንኡ ኣይድቅስን'ዩ። ንህልዉን መጻእን ናብራ ህይወቱ ክጥምት ዘይክእል የለን። ንዘይፍትሓዊ መነባብርኡ ብኸመይ ይቕይሮ ንዝብል ሕቶ ግን ምቹእ እዋን እዩ ዝጽበ። ምልካውያን፣ ሸበራን፣ ቕንጸላን፣ ማእሰርትን፣ ቅትለትን ክሳብ ዝተጠቕሙ፣ ትጽቢት ህዝቢ ንፍትሕን ማዕርነትን ክድንጉ'ዩ። ሸበራውያን፣ ንኣሻሓት ከርዕዱን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክዳጉኑን፣ ክቐትሉን ክእለት ኣሎዎም። ሓንቲ ህይወት ኪፈጥሩ ግን ኣይክእሉን'ዮም። ሰብኣውነት ክምንቁሱ'ውን ስልጣን የብሎምን። ሕልና ክሳብ ዘላ፣ ስርሑምን መሳሪሑኦምን ንሓዋሩ ኣይነብርን ኢዩ። እዚ ንገለ ዓመታት ዝተሰርሓሉ ባህሊ ጾቕጢ ክመውት'ዩ። እቲ ሓዲሽ ባህሊ ሕውነት፣ ማዕርነት፣ ሓርነት፣ ብዉሑዳት ንስእነት ዋሕስነት ዘይፈርሁ ተዘሪኡ፣ ኣብ መወዳእታ ምህርቱ ብመላእ ህዝቢ ኪሕፈስ'ዩ።

ሓርነት.ኮም ታሪኽ ገንጺልኩም፣ ታሪኽን ህልዉን ከመዛዝንን ገርኩምኒ።

ረዘነ ተስፋጽዮን